# ውላድኩም ናይ ምንባብ ክእለት ክጥሪ ዝግበር ድጋፍ

## ኣገዳሲ ምኽሪ ንወለድን ኣለይትን

ምስ ውላድኩም ምንባብ ፍሉይ ግዜ ከተሕልፉ ብሓንሳብ ከምኡውን ውላድኩም ናይ ቋንቋ ክእለትን ምስልን ኣብምህላው፣ ሕጉስ ተዘክሮታትን ናይ ምንባብ ፍቕሪ ንኽሓድሮን ይሕግዝ።

### ብኸመይ ንውላደይ ኣብ ምንባብ ዝምልከት ክሕግዞ ይኽእል?

ውላድኩም ኩሉ ግዜ ክልተ መጻሕፍቲ ካብ ቤት ትምህርቲ ሒዙ ናብ ገዛ ክመጽእ እዩ፡ እቲ ሓደ መጽሓፍ እቲ ውልድኩም ንዓኹም ዘንብበልኩም እዩ፡ እቲ ኣብኡ ዝተጻሕፈ ቃላት እቲ ቆልዓ ከንብቦ ከምዝኽእል ኣረጋጊጹ በቲ መምህር ብጥንቃቐ ዝተመርጸ እዩ፡ እዚ ድማ ክእለት ናይ ምንባብ ከማዕብሉ ክኽሕግዞም እዩ።

እቲ ሃደ መጽሓፍ ድማ ዓው ኢልካ ዝንበብ ኮይኑ ውላድኩም ነቲ ኣብኡ ዘሎ ቃላት ከምብቦ ከይክእል ይኸውን እዩ፡ እዚ ድማ ንዓኹም ከተንብብሉ ምስ ውላድኩም ኮንኩም ብሓንሳብ ደስ ኢልኩም ክትዘራረቡን ከተንብብሉ/ላ ተባሂሉ ዝተዳለወ እዩ።

### ብኸመይ ንውልድኩም መጽሓፍ ተንብብሉ ኣዝዩ ሓጋዚ ነጥቢ እዩ

ግዜ እንተድኣረኺብኩም ኣቐዲምኩም ነቲ ዓው ኢልካ ዝንበብ መጽሓፍ ኣንብብዎ ሽዑ ብኸመይ ንውላድኩም ከተንብብሉ/ላ ከምትኽእሉ ሓሳብ ክትረኽቡ ኢኹም።

### ነቲ ደሰ ዝብለኩም ዛንታ ደጋጊምኩም ኣንብብዎ!

ኣብቲ ከባቢኹም ዘሎ ቤት ንባብ ምኻድ ኣይትረስዑ ብዙሕ መጻሕፍቲ ንደቅኹም ዝኸውን ከምኡውን መሳጢ ዝኾነ ፕሮግራም ከም ብዘይ ክፍሊት ዝካየድ ንኹሉ ሰብ ዝኸውን ፍጻመታትን ንጥፈታትን ስለዘሎ። ኣገልግሎት ቤት ንባብ ብዘይ ክፍሊት ዝውሃብ ኣገልግሎት እዩ ማለት ብነጻ ኣባል ትኸውን፣ ብነጻ መጻሕፍቲ ትልቃሕ ከምኡውን ደንጕኻ መጻሕፍቲ ምስትመልስ ዝግበር ክፍሊት የብሉን።

## ንመጀመርያ ግዜ ምስ ውልድኩም መጽሓፍ ከተንብቡ ከለኹም...

ከም ፍሉይ ናይ ጽምዋ ግዜን ንውልድኩም መቑሸሽ ትህብዎ ከምዘለኹም ቆጺርኩም ብምሕቛፍ ነቲ መጽሓፍ ክልቴኹም ከምትሪእዎ ግበሩ።

ብዙሕ ከየቛረጽኩም ነቲ ዛንታ ብምልኡ ኣንብብዎ፡ እቲ ዛንታ ብምንባብኩም ገለ ነገር ትኣምር ከምዝፍጠር ሓሲብኩም ኣንብብዎ።

ብዛዕባ እንታይ ከምተንብቡ ህንጡይነት ከምዝሓድሮ ግበሩ ንኣብነት 'እዛ መጽሓፍ ብዛዕባ ሓደ ቆልዓ ብብዝሒ ዝርስዕ ነገራት እያ፡ እንታይ ኮን ረሲዑ ይኸውን ...'

ደስ ኢልኩም ኣንብቡ፡ ደስ እናበለኩም እንተዘይኣንቢብኩም እቲ ውላድኩምውን ደስ ኣይክብሎን እዩ።

## ኣብ ዝቕጽል ግዜ ነቲ መጽሃፍ ከተንብቡ ከለኹም...

ውላድኩም ንግዚኡ ደው ብምባል ብዛዕባ እቲ ዘንበብክሞ ዛንታ ክሓስብን ብዛዕባ እቲ ስእሊ ታት ርኢቶ ክህብን ዕድል ሃብዎ።

እዚ ዛንታታት ምስ ካልእ ነገራት እቲ ውልድኩም ዝፈልጦ ነገራት ኣተሓሕዝዎ 'ኣሃ ! ኣብ ....ዝነበረ ድራጎን ትዝክሮ ዶ? ንዕኡ እንታይ ከምዘጋጠሞ ትዝክር ዶ?'

ውላድኩም ገለ ነገር ዘይተረድኦ ከምዘሎ እንተስተውዒልኩም ከትገልጽሉ ፍትኑ ከምዚ ብምባል 'ኣሃ ከምዝመስለኒ ኣብዚ ይኸውን ከምዘሎ ...'

ውላድኩም ምስ እቲ ዝፈልጦ ነገራት ከተሓሕዞ ኣተባብዕዎ።

ብዛዕባ እቲ ዛንታን ስእሊ ታትን ኣዕልሉ ከምዚ ብምባል 'ስለምንታይ ግን ከምኡ ጌሩ?'; 'እዋእ ኣይፋልን፡ ተስፋ ይገብር ኣይትገብሮን ግዲ...'; ' ኣነ ከምኡ ኣይምገበርኩን ንስኻ/ኺ ከ ከምኡ ምገበርካ/ኪ?'

ውላድኩም እንታይ ከምዝዝክር ሕቶ ምሕታት ኣወግዱ።

እቲ ዛንታ ምስ ዘጋጠመኩም ነገራት ኣተሓሕዝዎ: 'እዚ ዛንታ ምስ ኣብ ...ዘጋጠመ ኣዘኻኺርኒ'

ምንባብ ዛንታ ንዓኣቶም ጽቡቕ ምዃኑ ንቆልዑ ምንጋር ኣወግዱ።

ዝያዳ ንምፍላጥ
ስካን ግበሩለይ!

we are child friendly Leeds

Leeds CITY COUNCIL

Leeds Libraries

Tigrinya